ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي
مكتب الإعلام والثقافة

Eritrean National Council for Democratic Change
Information and Cultural office
mediaencdc61@gmail.com

# ብሓው ባህታ ሃይለማርያም፣ ተጠባባቒ ኣባል ፈጻሚ ቤ/ጽ ኤ.ሃ.ባ.ዲ.ለ ኣብ ፈስቲቫል ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝቐረበ ቃል

ዝኸበርኩም ኣዳላውቲ ሽማግለ ፈስቲቫል።
ዝኸበርኩም ኣባላት መሪሕነትን መሰረታትን ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ።
ዝኸበርኩም ተሳተፍቲ ናይዚ ፈስቲቫል።

ብስመይን ብስም መሪሕነትን ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞራሲያዊ ለወጢ ኣብ መንጎኹም ተረኺበ ናይ ደገፍ መልእኽቲ ከቕረብ ክብሪ ይስማዓኒ።

ፈስቲቫልኩም ምስ ምዕዋት ሳልሳይን ሓድነታውን ጉባኤ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝብኒ ኤትራን ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ -ሕድሪን ምትእስሳሩ፡ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ኢዩ። እንቋዕ ካኣ ደስ በለኩም።

ኣዚ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት፣ ህዝብና ተወዲቡ፡ ቃልሱ ኣስሚሩ ነዚ ጸላኢ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝኾነ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ኣልጊስካ፡ ሰላምን፡ ቅሳነትን ዝሰፈና ሃገር ንክትከውንን፡ ብሕግን፡ ብልጽግቲን ብፍትሕን እትመሓደርን ሃገር ንክትከውን፣ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ፡ ተስፋ ዝህብ ኢዩ።

ፖሊቲካዊ ውድባትን፡ ሲቪካዊ ማሕበራትን፡ ናይ ምሁራት ውዳቤታትን፡ ቃልሶም ከወሃህዱ ተግባራዊ ተበጉሶታት ተጀሚሩ ምህላዉ ብጣዕሚ ዘሖጉስ ኢዩ።

ንኣብነት፡ ብዙሓት ፖለቲካዊ ሓይልታትን፡ ሲቪካዊ ማሕበራትን፡ ወከልቲ ማሕበረ ኮማትን ግዱሳት ደቂ ሃገርን ዝጠርነፈ፡ ብኤሪትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲምክራሰዊ ለውጢ ዝፍለጥ ሰፊሕ ጽላል፡ ቅድሚ 4 ወርሒ ዕዉት ካልኣይ ጉባኤ ምኪያዱ ከም ኣብነት ክጥቀስ ይኽእል።

ዕላማን ጻዕርን ናይ ኤሃብደል ቡዙሑነት ህዝቢ ኤርትራ ማኣከሉ ዝገበረ፡ ውሑስ ሓድነት ዝተፈላለየ ሕብረተሰብና ንምፍጣር ኢዩ። ውዳባኡ ካኣ ንዕኡ የንጸባርቕ። ኣብዚ ሓጺር ጊዜ ምስ ዝተፈላለያ ፖሊቲካዊ ውድባትን፡ ምስ ናይ ህዝቢ ውዳቤታትን ርኽኽባት የካይድ ኣሎ።ንሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤሪትራ፡ ንሃገራዊ ግንባር ኤሪትራ ( 4 ውድባት ዝሓቖፈ ግንባር) ሓቢርካ ንምስራሕ ዝዓለመ ዘተ ክካይድ መልእኽቲ ኣቕሪቡ ኣሎ። ንሓበሬታ ዝኣክለ ብዕለት 22-6-2019 ብመኣዲ ዘተ ሚንሶታ ብምትሕብባር ምስ ቲቪ ተምፖ ኣፍሪክ (tempo afric tv eritrea) ኣብ ዝተዳለወ መኣዲ ዘተ ሚኒሶታ፤ ኤሃባደለ፡ ምስ ካልኦት ሃገራውያን ሓይልታት ተረኺቡ 9 ነጥብታት ዝሓዘለ ስምምዕ ሰነድ ፈርሞም። ቀጻሊ ርኽክባት ከካይዱ ካኣ ተሰማሚዖም ምህላዎም ብጣዕሚ ኣገዳሲ ፍጻመ ኢዩ።

እዚ ሎሚ ነጸምብሎ ዘሎና ሓድነት ናይዘን ክልተ መሓዙት ውድባት፡ ናይ ምውህሃድን፡ ናይ ሓቢርካ ምስራሕን ዝውሰድ ዘሎ ተበግሶታት ፍረ ውጻኢት ኢዩ ክበኣል ይኽእል። ስለዚ እዚ ብፖሊቲካዊ ውድባት ዝግበር ዘሎ ምቅርራባትን፡ እዚ ብህዝቢ ዝካየድ ዘሎ ሰፊሕ ውዳቤታት ዝወሃደሉ መስርሕ ክግበር ኣሎዎ። ነንሕድሕዱ ተማላላኢ ብሽርክነት ክቃለስ ህጹጽ መድራኻዊ ዕማም ምዃኑ ንሕና ከም ኤሃባዲለ ጽኑዕ እምነትና ምዃኑ ከነረጋግጽ ንፈቱ። ከምኡ እንተገርና ኢዩ፡ ዓወትና ክቃላጠፍ ዝኽእል። ኤሃባደል ደምበ ተቓውሞ ቃልሱ ከወሃህድ ካብ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ተበጊሶ፡ ኣብ ፈጻሚት ቤትጽሕፈቱ ነዚ ዝከታተልን፡ ዘተግብርን ፍሉይ ቤትጽሕፈት እቚሙ፡ይርከብ። ሓድነታዊ ጉባኤኹም ብምዕዋቱ፣ ሰልፍኹም ክሕይልን፡ ክድልድልን ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ልሉይ ተራ ክህልዎን፣ ካብ ዘለና ምንዮትን ብምብጋስ፡ ደጊመ ብስም መሪሕነት ኤሃባደለ እንቋዕ ናብዚ ኣብቃዓኩም ክብል ደስ ይብለኒ።

ዓወት ንፍትሓዊ ቃልስና።
ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና።

ፍራንክፎርት ፈስቲቫል 3-08-2019